# ዘበን ዝፋን ኣምላኽ
## 3ይ ክፋል ራእይ 4:5-11

### ኣምልኮ ዝዓዘዞ

እዚ ክፋል እዚ ደምዳሚ ናይ ምዕራፍ ኣርባዕተ ጌርና ንውሰዶ ። ኣብ ራእይ 4:1-2ሀ እቲ ድሕሪ መዋእል ቤተ-ክርስትያን ዝመጽእ መዋእል ዝፋን ኣምላኽ ምዃኑ ተመልኪትና። ኣብ 4:2ለ-4 ድማ እቲ መዋእል ዝፋን ብዛዕባ መን ምዃኑ፡ ግርማኡ፡ ተሳተፍቱን ተማሂርና።

ነዚ ሳልሳይ ክፍሊ ናይ ራእይ የሃንስ ምዕራፍ 4:5-11 ድማ፡ ኣብ ሓሙሽተ ነጥብታት ጠርኒፍና ንምሃሮ።

1. ካብቲ ዝፋን ዝወጽእ (4:5ሀ)።
2. ትእምርቲ ናይ እቲ ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ዝነድድ ሾብዓተ መብራህቲ (4:5ለ)።
3. ባሕሪ መረጸን ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን (4:6ሀ)።
4. ቀጻሊ ትእምርቲ ናይ ተሳተፍቲ ኣርባዕተ ህያዋን ኣብ ኣምልኮን ኣገልግሎትን ነቲ ኣብ ዝፋን ዘሎ (4:6ለ-8)።
5. ትእምርቲ ናይ እቲ ኣብቲ ቅድሚ ዝፋን ዝካየድ ኣምልኮ (4:8-11)።

### 1. ካብቲ ዝፋን ዝወጽእ - ፍርዲ፡

እንታይ ይወጽእ? ዘበን ቤተ-ክርስትያን ምስ ተፈጸመ ዘበን ዝፋን ኣምላኽ ይጅምር። ባህርያት ናይ ዘበን ዝፋን ኣምላኽ ድማ ብትእምርቲ "ካብቲ ዝፋን ዝወጽእ መባርቕን ደሃያትን ነጐዳታትን" ተመልኪቱ ኣሎ (4:5ሀ)። እዚ ማለት ኣምላኽ ብዕጥቂ ልዕሊ ዓቕሚ ሰባት ዝኾኑ ሓይልታት ናይ ምቕጻዕ ዘግህደሉ ፍሉይ ዘበን የመልክት።

ንኣብነት ብዘበን ቀደም (1450 ቅ.ል.ክ.) ፈርኦን ፈኪሩ ምስ ሓንገደ እግዚኣብሄር ኣብ ልዕሊኡን ህዝቡን ዘውረዶ መለኮታዊ መቕጻዕቲ ታሪኻዊ ኣብነት ኣብ ዘጽኣት ንረክብ። ዘጽኣት 5:1-23 9:22-28።

ዘበን ዝፋን ኣምላኽ ኣብ ልዕሊ እቶም ዘዳዕድዑ ኣንጻሩ ዝኾኑ፡ ኣዳዕዲኡ ንሱ ድማ ኣንጻሮም ብምዃን ናይ ፍሉይ ሓይሉ፡ ናይ ምጥቃዕ ዘግህደሉ ዘበን ከም ዝህሉ እቲ ካብቲ ዝፋን ዚወጽእ "መባርቕን ደሃያትን ነጐዳታትን" ምልክት እዩ። እንዛረበሉ ዘሎና ፍሉይ ዘበን ደሕሪ ምዝዛም መዋእል ዘበን ቤተ-ክርስትያን ክኸውን እዩ። ብካብቲ ዝፋን ዝወጽእ መባርቕን ደሃያትን ነጐዳታትን ትእምርቲ ድማ ተኣሚቱ ኣሎ።

### 2. ትእምርቲ ሾብዓተ መብራህቲ ሓዊ።

"ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ከኣ ሾብዓተ መብራህቲ ሓዊ ይነድድ ነበረ። ንሳቶም እቶም ሾብዓተ መናፍስቲ ኣምላኽ እዮም" (4:5ለ)።

ብትእምርቲ ይዛረብ ምህላዉ፡ ትእምርቲ ናይ ሾብዓተ ዝነድድ ሓዊ ይህብ እሞ፡ ትርጉሙ "ሾብዓተ መናፍስቲ ኣምላኽ እዮም" ኢሉ ድማ ባዕሉ ይዓጽዎ። እዚ ማለት፡ ኣምላኽ ከምቲ ናይ ጸጋ መደባቱ ብመንፈስ ቅዱስ ዘማልኡ፡ ከምኡ ድማ እቲ ናይ ፍርዲ መደባቱ ብመንፈስ ቅዱስ ከም ዝፍጽሞ፡ "ካብቲ ዝፋን መባርቕን ደሃያትን ነጐዳታትን" ከም ዝወጽእ ይሕብር።

ነዚ ካብ ዝፋን ዝውጽእ ናይ ፍርዲ ስጉምታት ዘስልጦ እቲ ብሾብዓተ ዝነድድ መብራህቲ ሓዊ (ፋናታት ናይ ሰራዊት ውግእ) ተመሲሉ ዘሎ መንፈስ ቅዱስ እዩ። መንፈስ ቅዱስ ብትእምርቲ ሾብዓተ ዝነድድ ሓዊ መብራህቲ ተሓቢሩ ዘሎ ኣብ ራእይ 1:5 ኣቕዲምና ዝተዛተናሉ ንወከስ።

## 3. ባሕሪ መረጸን ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን።

“ኣብ ቅድሚ እቲ ዝፋን ድማ ከም ባሕሪ መረጸን ዝኾነ፡ ክሪስታል ዝመስል ኣሎ” (4፡6ሀ)።

ባሕሪ መረጸን ምባሉ፡ ስፍሓቱ ከም ዘሳጥሓ ባሕሪ፡ ጽሬቱ ድማ ከም ሓቒቕ ክሪስታል ገይሩ ይምስሎ። ማለት፡ እቲ ስፍሓት መንግስቲ ኣምላኽ (ዝፋን) ዝዓምሞ፡ ጸቢብ፡ ውሱን ኣይኰነን። ኣዝዩ ሰፊሕ ድማ እዩ - ዓለም ለኻዊ፡ ዘለኣለማዊ፡ ዓለመ-ዓለማት ለኻዊ እዩ። ከም ክሪስታል ንጹር ዝመምርሒኡ ድማ እዩ። መልክዕ ናይቲ ኺግለጽ ዘለዎ መንግስቲ ኣምላኽ ትእምርቲ ይህበና።

## 4. ኣርባዕተ ህያዋን ኣብ ማእከልን ዙርያን።

“ኣርባዕተ እንስሳውን (ህያዋን) ኣብ ማእከል እቲ ዝፋንን ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋንን ኣለዉ” (4፡6ለ)።

4.1. ትእምርቲ ኣርባዕተ ህያዋን - (4፡6-9)።

ኣብቲ መንግስቲ ኣምላኽ ዘለዉ ተሳተፍትን ኣገልገልትን ናይ ራእይ ምዕራፍ ኣርባዕተ ሰለስተ ጕጅለታት ኣለዉ። እቶም ቀዳሞት፡ ብትእምርቲ ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግሌታት ተመልኪቶም ዘለዉ ናይ ብሉይን ሓዲስ ኪዳንን ቅዱሳን እዮም። ካልኣይ፡ ኣብ ማእከል እቲ ዝፋንን ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋንን ዘለዉ ብትእምርቲ ኣርባዕተ ህያዋን (እንስሳ) ተሓቢሮም ኣለዉ። መን እዮም እዚኣቶም? እቶም ሳልሳይ ድማ ጕጅለ ዝሆ መላእኽቲ (4፡11-140) እዮም።

እዞም ጕጅለ ኣርባዕተ ህያዋን ጸጋ ቤዛነቱ ብተመክሮ ዘስተማቕርዎ ምኺኖም በቲ ምስክር መዝሙሮም (4፡8-10) ይልለዩ። ስለዚ ምስቶም ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግለታት ኣብ ሓደ ደምበ ተመክሮ ታሪኽ ኣለዉ። ስለዚ ትእምርቲ ናይ እቶም ብኽብሪ ትንሳኤ ዝግለጹ ድሑናቱ ሰብ እዮም።

4.2. … ኣዒንቲ ዝመልኦም ኣብ ማእከል ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋንን… ኣዒንቲ መሊእዎም፡ ሽሹድሽተ ኽንፊ ኣለዎም (4፡6ለ 8ለ)።

ብዝሒ ኣዒንቶም ብቕድሚቶምን ብድሕሪቶምን ምኺኑን ምልክት ናይ ጥልቂ ምስትውዓሎም፡ ናይ ኣርሒቕካን ቀረባን ምርድኦም፡ በዚ ምርዳእ እዚ ኣብቲ መንግስቲ ኣምላኽ ምግልጋሎም የመልክት። ኣብ ራእይ 6፡1ን 3ን 5ን 7ን፡ ምፍታሕ ናይቲ ማሕተማት ዝግልእዎ ኣገልግሎት ዝእምቶ ንመልከት። እቶም ኣብቲ መንግስቱ ብማዕዶ ዘይኰነስ ብቐረባ ብልብን ብምስትውዓልን ዝሳተፉ “ኣብ ማእከል እቲ ዝፋንን ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋንን” ከም ዘለዉ ኰይኑ ተሓቢሩ ኣሎ።

ነብይ ኢሳይያስ ኣብ ምዕራፍ ሽዱሽተ ብዛዕባ ከምዞም ናይ ዮሃንስ ዝመስሉ ህያዋን ይዛረብ፡ ሱራፌል ኢሉ ድማ ይሰምዮም። ነብይ ህዝቅኤል ድማ ከምኡ (ምዕራፍ 1)።

ነቲ ዝፋን ኣምላኽ ኣዝዮም ቀረባ ምኺኖም ተሓቢሩ ዘሎ ትእምርቲ ድማ ነቕልበሉ። ነቲ ዝፋን ኣምላኽ ብዘለዎም ምርዳእ ንኣምላኽ ኣዝዮም ክጠብቅዎ፡ ኬፍቅርዎ፡ ኬኽብርዎ … ወዘተ ገይሮምዎም። ነዚ ኺሕብር ድማ እዩ፡ “ኣብ ማእከል እቲ ዝፋንን ኣብ ዙርያ እቲ ዝፋንን” ከም ዘለዉ ገይሩ ዝዛረበሎም።

ሽሽዱሽተ ክንፍታቶምከ ናይ ምንታይ ትእምርቲ እዩ? ክንፊ

ምልክት ናይ ፍጥነትን ኣኽብሮትን እዩ። ነቲ ፍቓድ ኣምላኽ ከይዘንግዑ ተቐላጢፎም ተሓጒሶም ኣኽቢሮምን ከም ዘማልእዎ ድማ ይሕብር (ኢሳ 6፥2 መዝ 18፥10 104፥3)።

4.2. እቲ ቀዳማይ … ይመስል። እቲ ካልኣይ…ይመስል። እቲ ሳልሳይ … ይመስል። እቲ ራብዓይ … ይመስል (4፥7)።

እዞም ኣርባዕተ ህያዋን ምስሊ ናይ ኣንበሳ፡ ብዕራይ፡ ሰብ፡ ንስሪ ኣለዎም። ኣንበሳ ትእምርቲ ናይ ንጉሳዊነት፡ ብዕራይ ትእምርቲ ናይ ጕልበትን ኣገልግሎትን፡ ሰብ ትእምርቲ ናይ ምስትውዓል፡ ንስሪ ናይ ፍጥነት ትእምርትታት እዮም። እቲ ንሱ ባህ ዚብለሉ ኣገልግሎት ዝፋን ኣምላኽ ድማ በዞም ኣርባዕተ ህያዋን ተኣሚቱ ዘሎ ባህርያት ኣለዎ - ንጉሳውነት፡ ኣገልግሎት፡ ምስትውዓል፡ ፍጥነት።

ደቂ እስራኤል ካብ ግብጺ ናብ ከንኣን ክኸዱ ከለዉ ተሰሊፎም እዮም ይጉዓዙ ነይሮም። ክጉዓዙ ኰነ ከዕርፉ ከለዉ ድማ፡ እቲ ድንኳን ኣምላኽ ኣብ ማእከሎም ነይሩ። ነዚ ብኣርባዕተ መኣዝኑ እቶም ኣገልገልቲ ቤተ-መቕደስ ዝኾኑ ሌዋውያን ቦታኦም ሒዞም ይጎዓዙን የዕርፉን ነይሮም። ትእምርቱ ድማ ኣብቲ ጕዕዝኦም፡ ህልውና ኣምላኽ፡ ኣምልኮ ንኣምላኽ፡ ሰልፊ ናብቲ ዘንቀድሉ ኣድራሻ፡ ወሳኒ ምዃኑ ዝእምት ትእምርቲ እዩ።

እቶም ካልኦት ነገዳት ድማ ኣብቲ ጕዕዝኦም ንኸንኣን ከምዚ ዝስዕብ ኰይኖም ይስለፉን ይጉዓዙን ነይሮም (ዘሁ 2)።

ሀ. ብምብራቕ፡

ነገድ ይሁዳ ዝመራሕቶም ነገድ ይሳኮርን ዛብሎንን ነይሮም። ኣርማኦም ድማ ኣንበሳ፡

ለ. ብምዕራብ፡

ነገድ ኤፍሬም ዝመራሕቶም፡ ነገድ ምናሴን ብንያምን፡ ነይሮም። ኣርማኦም ብዕራይ።

ሐ. ብሰሜን፡

ነገድ ዳን ዝመራሕቶም፡ ነገድ ኣሴርን ንፍታሌምን ነይሮም። ኣርማኦም ድማ ንስሪ።

መ. ብደቡብ፡

ነገድ ሮቤል ዝመራሕቶም፡ ነገድ ስምኦንን ጋድን ነይሮም። ኣርማኦም ድማ ሰብ።

እዚኦም ብኣርባዕቲኡ መኣዝን ኣኽቲቶም ተመሓዲሮም፡ ኣተኵሮኦም ኣነጺሮም፡ ኣብ ኣምልኮ ተጠርኒፎም (ኣንበሳዊነት፡ ኣገልግሎት፣ ፍጥነት፡ ኣእምሮ) ኺጎዓዙ ነይርዎም። ከምኡ ድማ እቶም ውፉያት ኣመንቲ ክርስቶስ (ኤክለስያኡ) ብትእምርቲ ናይዞም ኣርባዕተ ህያዋን ኣተጠርነፉ እዮም።

## 5. ዕዘት ኣምልኮ ኣብቲ ዝፋን ኣምላኽ።

በቲ ጕዕዞ ሰልፊ ናይ ደቂ እስራኤልን ብትእምርቲ እዞም ኣርባዕተ ህያዋንን ከም ዚምህረና፡ እቲ ዝፋን ኣምላኽ ኣብ ሰማይ ኰነ ኣብ ምድሪ ዝዓዝዞ፡ ዝጥርንፎ ኣምልኮ ምዃኑ ብንጹር ተኣሚቱ ኣሎ። ብኸፊል ጠቒስና ንመልከቶ።

> “እቶም ኣርባዕተ እንስሳ (ህያዋን) . . . ለይትን መዓልትን ከየቋረጹ ድማ እቲ ዝነበረን ዘሎን ዚመጽእን ኵሉ ዚከኣሎ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ቅዱስ፡ ቅዱስ፡ ቅዱስ እዩ፡ ይብሉ። እቶም እንስሳ (ህያዋን) ... ምስጋና ኪህብዎ ኸለው፡ እቶም ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግሌታት ...።” (4፥8-11)

እቲ ብትእምርቲ ናይ እዞም ኣርባዕተ ህያዋን ኣብ ቅድሚ ኣምላኽ ቅቡል ዝኾኑ ኣምልኮን ኣገልግሎትን ከምቲ ተተምቢሁ ዘሎ ኣሕጺርና ንመልከቶ።

5.1. <u>ወትሩ ኣምልኮ።</u> እቲ ናብ ኣምላኽ ዘበርክትዎ ኣምልኮ ወትሩ ምዃኑ፡ “ለይትን መዓልትን” ብምባል ዘተምብሆ ነቕልበሉ - ማለት ኣብ ኩሉ ቦታ፡ ኣብ ኩሉ ኩነታት ኣምልኮ ትንፋሶም፡ ትርግታ ህይወቶም እዩ ነይሩ።

5.2. <u>ከየቋረጹ ኣምልኮ።</u> ጊዝያዊ፡ ክጥዕም ከሎ ዘይኮነስ ኣምልኮኦም ንኣምላኽ ቀጻሊ፡ ዘይባተኸ እዩ።

5.3. <u>ኣምልኮኦም ዘስተማቕርዎን ባህ ዝብሉሉን እዩ ነይሩ።</u> ከመይ የስተማቕርዎ ከም ዝነበሩ ንርአ።

ሀ. ክብርን ስብሓትን ምስጋናን ንኣምላኽ ዝህብሉ እዩ።

ለ. ዘለኣለምነት ኣምላኽ ዘስተንትኑሉ እዩ።

ሐ. ዓኽቅሚ ኣምላኽ ዘስተንትኑሉ እዩ።

መ. ቅድስና ኣምላኽ ዘስተንትኑሉ እዩ።

ሰ. ኣምላኽ ፈጣሪ ምዃኑ ዘስተንትኑሉ እዩ።

ረ. መለኮትነት ኣምላኽ ዘስተንትኑሉ እዩ።

በ. ገዛእ ርእሶም ንኣምላኽ ዝውፍዩሉ እዩ።

ከ. ምሉእ ማሕበር ተሳሒቦም ዝሳተፍዎ እዩ።

እዚ በቲ ትእምርቲ ናይ እቶም ዕስራን ኣርባዕተን ሽማግለታት ተመሲጦም ዝወሰድዎ ስጉምቲ ናይ ኣምልኮን ምውፋይን ንምልከቶ።